# ስመር

## ዕላዊ ልሳን
## ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ)

ወርሒ ጥቅምቲ 2023 ዓም ........... ሕታም ቁ - 5

## ዝርዝር ትሕዝቶ

ርእሰ ዓንቀጽ ፡

- ዕርፍና ነጽንዕ
- መበገሲኡ ወድዓዊ ፡ ዕላምኡ ፍትሓዊ
- ሎሚ'ውን ቀንዲ ቱኽራትና ፡ ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢና ይቕንዕ
- ናይ ጽንዓትን ሕራነን መልእኽቲ

.

## ርእሰ ዓንቀጽ

# ዕርፍና ነጽንዕ!

ዘለናዮ እዋን ወሳኒ ናይ ቃልሲ ምርብራብ ዝካየደሉ መድረኽ እዩ ። ብሓደ መዳይ ፡ ንውልቀ መላኺ ኢሳያስ ምስ ጉጅልኡ ፡ ናይ መወዳእታ ግብኣተ መሬቱ ንምእታው ፡ ሕኑን ቃልሲ እነካየደሉ እዋን እዩ ። በቲ ካልእ መዳይ ድማ ፡ ጸላእትናን ተጻባእትናን ማኣዝን ቃልስና ንምጥፋእ ፡ ብዝተፈላለዩ ስልትታት ክዋፈሩ ንዕዘብ ኣለና።
ኣብ ዝሓለፉ ልዕሊ 32 ዓመታት፡ ህዝብና ብሓፈሻ ፡ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ ፡ ዝወረዶም ግፍዒ ዘርዚርካ ኣይውዳእን ። ብዓሰርተታት ኣሽሓት መንእሰያትና ፡ ህግደፍ ኣብ ፎቖዶ ዘባርያም ውግኣት ሂወቶም ተቐዚፎም እዮም ። ብተመሳሳሊ ፡ ምድረ በዳታት ሰሃራን ሲናይን ኣቋሪጾም ፡ ባሕሪ ተሳጊሮም ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ምዕራብ ዑቕባ ሓቲቶም ክነብሩ ዝተገደዱ ፡ እንተዘይ በዚሑም ኣይውሕዱን ። ግን ከኣ ኣብ ዓዲ ስደት'ውን፡ ተረጋጊኦም ናብረእም ብሰላም ክመርሑ ኣይተዓደሉን ። ውልቀ መላኺ ኢሳያስ፡ ብመሓውራቱ ኣቢሉ ደድሕሪኦም ስዒቡ፡ ካልእ ሕሰመ መከራ ከውርደሎም ጸኒሑ ኣሎ ። እቲ ብሰንኪ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ተደፊኡ፡ ባሕሪ ተሳጊሩ ኣብ መዕቀቢኡ ዝበጽሐ ፡ ኣብ ልዕሊ ሰድርኡን ኣብ ባዕሉን ዝወረደ ተደራራቢ በደል ፡ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ንምብቃዕ ፡ ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ምንቅስቓስ (ናዕቢ) ብርጌድ ንሓመዱ ተጠርኒፉ፡ ማዕበላዊ ቃልሲ ክውልዕ ተገዲዱ ኣሎ ።
ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ፡ ነዚ ህዝባዊ ማዕበል'ዚ፡ ኣብ ዕሽሉ እናሃለወ ንምብርዓኑ ፡ ብሓደ ወገን ፡ ዝተፈላለዩ ናይ ጸለመ ኣስማት ብምልጣፍ ህዝቢ ንምድንጋር ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ፡ ብምምራዝን ብቃጻን ዝፍጸም ናይ ቅንጸላ ሽበራዊ ተግባራት ፡ ኣብ ልዕሊ ደለይቲ ለውጢ መንእሰያትን መራሕቶምን ብምክያድ ፡ ራዕዲ ንምፍጣር ክዋፈር ጀሚሩ ኣሎ ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብናን ዘነጻጸረ ሓድሽ ወራር ክካየድ ምድላዋት ይካየድ ከምዘሎ ብምምሳል ፡ ኣቓልቦ ደለይቲ ለውጢ ንምግምማዕ ፡ ምስ መሓዙቱ ተዋዲዱ ይሰርሕ ኣሎ ።
ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ፡ ናይ ኩሎም ጸገማት ህዝብና ይኹን ፡ ኣብ ልዕሊ ነጻነትናን ልዑላውነትናን ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ፡ ቀንዲ ተሓታቲ እዩ ። ህዝብና ፡ ካብ'ዚ ስርዓት'ዚ ዝኸፍእ ደመኛ ጸላኢ የብሉን ፡ ነይሩዎ'ውን ኣይፈልጥን ። ብደመኛ ጸላኢ ህዝብና ዝኾነ ስርዓት ኢሳያስን መሻርኽቱን ፡ ብዝተፈላለዩ ስልትታት ፡ ማኣዝንና ከይንስሕት ፡ ብንቑሓት ክንቃለስ ይህልወና ። ኩሉ መዳያዊ ዓቕምታትና ብምውህሃድ ፡ ህዝባዊ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራውያን ብርጌድ ንሓመዱ ብምድጋፍን ብምምራሕን ፡ ብቖዳምነት ንውልቀ መላኺ ኢሳያስ ብምውጋድ ፡ ነጻነትናን ልዑላውነትናን ብምዕቃብ ፡ ውሕስነትን ቀጻልነትን ህዝብና ክነረጋግጽ ይህልወና ። ዕርፍና ብምጽናዕ ፡ ዓወት ህዝባዊ ቃልስና ክነቀላጥፍ ናይ ሕጂ ቀንዲ ዋኒንና ኢዩ ።

# መበገሲኡ ወድዓዊ ፡ ዕላምኡ ፍትሓዊ!

ህዝቢ ኤርትራ ፡ እኖሆ ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም ፡ ንልዕሊ 32 ዓመታት ክግዛእ ይርከብ ። ይትረፍ'ዶ ከም ህዝቢ ኤርትራ ዝበለ ፡ ኣብ ማሕበራዊ ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ሂወቱ ፡ ብሕጊ እንዳባ ናይ ምምሕዳር ተሞኩሮ ዝነበሮ ፡ ዝኾነ ካልእ ሕብረተሰብ'ውን ፡ ምስ ዘማሓድሮ ዝገዝኦ መንግስቲ ፡ ዉዑል ዝኣስረሉን ዝተሓሳሰበሉን መቐየዲ ሕግታት (ሰነድ) ክህልዎ ይግባእ ። ካብ'ዚ ወጻኢ ግን ፡ ፈረስ ብዘይ ልጓም ዓይነት ፡ ለኻኺሙካ ናብ ገደል ምጽዳፉ ዘይተርፍ እዩ ።
ህዝቢ ኤርትራ እቲ ኣብ ላዕሊ ዚተጠቐሰ ተሞኩሮ ስርዓተ ምሕደራ ጥራሕ ዝነበሮ ኣይኮነን ። ከም ኩሎም ግዙኣት ህዝብታት ፡ ንሃገራዊ ነጻነቱ ፡ ነዊሕን መሪርን ተጋድሎ ዘካየደ እዩ ። ካብ ዘበነ ኣርባዓታት ክሳብ መወዳእታ ሓምሳታት መሪርን ዝተሓላለኸን ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣካይዱ ። ከቢድ ዋጋ ከፊሉ ። ግን ድማ ኩነታት ካብቲ ዝነበ

ሮ ከፍአ'ምበር ኣይሓሾን ። ስለዚ ድማ ብረት ተዓጢቑ ፡ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ክኢሻሕ ተገደደ ። ጉዕዞ ዕጥ
ቃዊ ተጋድሎኡ ግን ፡ ለማጽ ኣይነበረን ። መስዋእቱ ዘጋደደ ኩናት ሕድሕድ ተሸኪሙ ፡ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእ
ቲ ኢትዮጵያን ኢድ ምትእትታው ተበራሪይቲ ልዕለ ሓያላንን ተጋዲሉ ሃገራዊ ነጻነቱ ዘዕቀበ ህዝቢ ኢዩ ።
ላዕዎት መራሕቲ ሰውራ ፡ ስልጣን መጻኢት ኤርትራ ናይ ምብሓት ሕማሞም ዘወለዶ ፡ ኣብ ሃገራዊ ሓድነት ህ
ዝብና ኣሉታዊ ስንብራት ኣዕሪፉ ዝሓለፈ ፡ ደማዊ ኩናት ሕድሕድ ወሊያም ፤ ዓቕምታት ህዝብና ስንሰን ክብል
፡ ሞራሉ ክትንከፍ ፡ ናይ ምግዳል ተበግሶታቱ ኣዝዩ ክጎድል ገይሮም ። ስለዝኾነ ድማ መራሕቲ ሰራና ፡ ብሓደ
ወገን ፡ ነቲ ናብ ኣገዳሲ ምዕራፍ ዝተሰጋገረ ብረታዊ ተጋድሎና ፡ ንድሕሪት ከይምለስ ፡ ብኻልእ ወገን ድማ ፡
ጉጅላዊ ጥሙሖም ንምዕዋት ፡ ናብ ሰፊሕ ናይ መንእሰያት ግፋ ውራይና ኢሎም ተተሓሓዝዎ ። ኣብ ትግባረ'ዚ
ፖለሲ'ዚ ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብሓፈሻ ፡ ኣብ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ ፡ ዝተፈጸመ ከቢድ ግህሰት ሰብኣውን
ዲሞክራስያዊ መሰላት ፡ ክሳብ ሎሚ ዓው ኢልካ ዘይተነገረሉ ኣሉታዊ ታሪኽ ብረታዊ ተጋድሎና እዩ ። ከም ዝ
ኸፍአ መቐጸልታ ፡ ናይ'ቲ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ተጋድሎና ዝተኣታተወ ናይ ግፋ ፖሊሲ ድማ ፡ ካብ ጽባሕ ሓርነ
ት ጀሚሩ ፡ ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም ፡ መንግስታዊ ፖሊሲ ኮይኑ እዩ ። እናሆ ድማ መንእሰያትና ብዘይ ሙህሮን ሓ
ዳርን ፡ ንወለዲ ድማ ብዘይ ጠዋርን ቀባርን ፡ ኣብ ጥራሕ ጎልጎል እናሳጥሐ ብዝበኣሰ ይቕጽል ኣሎ ።

በዚ ስርዓት'ዚ ፡ ካብ ጽባሕ ሓርነት ጀሚሩ እናተተግበረ መጺኡ ዘሎ ኣዋጅ ሃገራዊ "ኣገልግሎት"(ጊላዊ ኣገልግሎ
ት) ተራ ወታሃደራዊ ዓቕሚ ሰራዊት ኢሳያስ ናይ ምሕያል ተልእኾ ጥራሕ ዘለዎ ኣይኮነን ። እንታይ ደኣ ፦
ስልጣን ናይ ምጭባጥ ዕድል ዝረኸበ ጉጅለ ስርዓት ኢሳይስ (ህግደፍ)፡ ብሓደ ለይቲ ወይ መዓልቲ ፡ ማጮሎት
ተሓጺቡ ፡ ዲሞክራስያዊ ክኸውን ፈጺሙ ኣይክእልን ። ባህርያቱን ኣተዓባብያኡን ፈጺሙ ኣይፈቕደሉን ።
መንበረ ስልጣን ኤርትራ ኣብ ዝጨበጠላ ጽባሕ ፡ ወርሒ ኣብ ዘይመልአ እዋን ፡ ብ20 ሰነ 1991 ብሽም መዓል
ቲ ሰማእታት ኣብ ዝሰየማ ዕለት እንታይ ከም ዝኣወጀ ዝፍለጥ እዩ ። እዚ ኣዋጅ'ዚ ፡ ካብ'ቲ ንስርዓት ሃይለ ስላ
ሴ ብሓይሊ ዓልዩ (ኩዴታ) ኣካይዱ ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ኢትዮጵያ ዝጨበጠ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ብባህርያቱ
ዝተፈለየ ኣይኮነን ። ኤርትራዊ መልክዕ ጥራሕ'ዩ ለቢሱ ።

ስለዚ'ምበኣር እቲ ኣብ በረኻ ሱር ዝሰደደ ጸረ ዲሞክራስን ጸረ ህዝብን ስርዓተ ምሕደራ ኢሳያስ ፡ ካብ በረኻ ተጻ
ይሩ ዝመጸሉ ምኽንያት ነይሩዎ ። "ቅድም ሃገራዊ ነጻነት ፡ ደሓር ኩሉ ነርክበሉ ኢና" ዝብል ናይ ጎራሓት ብሓ
ደ ወገን ፡ ናይ ግሩሃት ድማ በቲ ካልእ ወገን ኣረኣእያ፡ ዕድል ዝሃቦ እዩ ። ይኹን'ምበር፡ ካብ ጽባሕ ሓርነት ጀ
ሚሩ ፡ ብህዝብና ብሓፈሻ ብመንእሰያትና ድማ ብፍላይ ፡ እቲ ጨካን ምሕደራ ናይ ሳሕል ፡ ክጽወር ዝካኣል ኣይ
ነበረን ፡ ይትረፈዶ ነቲ ሓድሽ ወለዶስ ፡ እቲ 'ነጻነት ነቐድም' ኢሉ ዝተጸመመ ተጋዳላይ'ውን ዝቕበሎ ኣይነበረን
። ስለዚ ድማ ፡ ኣብ ልዕሊ ኣገዛዝኣ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ፡ ውዒሉ ሓዲሩ ዓመጽ ምውልዑ ከምዘይተርፍ ፉሉ
ጥ ነበረ ። መሪሕን ሞቶርን ዓመጻዊ ቃልሲ ድማ ፡ መንእሰይ ወሎዶ እዩ ።

ስለዚ ፡ ኣብ ምዕቃብ ይኹን ቀጻልነት ስልጣን ኢሳያስ ፡ ከም ቀንዲ ሓደጋ ዝረአ መንእሰይ ብምዃኑ ፡ ነዚ ውዑ
ይ ሓይሊ'ዚ ካብ ውሽጢ ህዝብን ናይ ዓመጽ ማእከላትን ክግለል ምግባር ኣማራጺ ዘይብሉ ስልቲ እዩ ። በዚ መሰ
ረት ፡ ንኣብነት ፡ ብውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ክትግበር ዝጸንሐ ፡ ናይ ተማሃሮ ክረምታዊ ማእቶት ፡ ሓደ ክ
ፉእ ስልቲ ምዃኑ ፡ ምዝካር የድሊ ። ልዕሊኡ ፡ ንመንእሰይ ወለዶ ዝቀጻጸረሉ ፖሊሲ ክኽተል ነይሩዎ ። መቐጸ
ልታ ናይ ሜዳ ግፋ ፡ ብሽም መንግስታዊ ኣዋጅ ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት (ጊላነት) ኣብ ሓደ ማዓስከር ዳጕንካ ፡ ብተ
ሪር ወታሃደራዊ ሕግን ፡ ፉጹም ጸረ ዲሞክራስያዊ ኣገባብን ፡ ፖለቲካዊ ስብእኑኡ ቀቲልካ ፡ ምእዙዝ ተኸታሊ ክ
ኸውን ምግባር እዩ ።

እቶም ኣብ በብዓዶም 11 ክፍሊ ዝወድኡ ዕሽላት መንእሰያት ተማሃሮ ፡ ናብ ሳዋ ብምውራድ ኣብ ትሕቲ ስጡም
ወታሃደራዊ ዲሲፕሊን ፡ ጎድና ጎድኒ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ፡ ወታሃደራዊ ስልጠና ብምሃብ ዝትግበር ፓሊሲ ኮይ
ኑ ድማ ቀጺሉ ። መብዛሕትኦም ኣብ ፈተና 12 ክፍሊ ዝወደቑ ፡ ናብ ሰራዊት ብምውፋር ፡ እቶም ኣብ ፈተና
ውጽኢት ዝረኸቡ ድማ ፡ ኣብተን ብኮለኔላትን ብታሕተዎት ሰብ ጽሩራ ወታሃደራትን ዝማሓደራ ፡ ኣብ ሕድሕደ
ን ዝኾነ ይኹን ምትእስሳር ዘይብለን ኮሌጃት ብምምዳብ ፡ ካብ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ሃገር ኣግሊልካ ፡ ናይ'ቲ ስር
ዓት ኣገልገልቲ ክኾኑ ምግባር ከም ስልቲ ተኸቲሉ ።

ስርዓት ኢሳያስ ፡ ገና ካብ ሜዳ ጀሚሩ ፡ ሃብትን ገንዘብን ኤርትራውያን ዝዝሕቀሉ ዝተፈላለዩ ስልቲታት

እናተኸተለ ፡ ፋይናንሳዊ ዓቕሙ ዘኻዕበተ እዩ ። ካብ ጽባሕ ሓርነት ጀሚሩ ድማ ፡ ብምኽንያት “ሃገራዊ ኣገል
ግሎት” ገዚፍ መንእሰያዊ ሓይሊ ጀሆ ሒዙ ዝቖጻጸረሉ ፖሊሲ ከተግብር ስለዝጀመረ ፡ ፋይናንሳዊ ኣታዊ ክምእር
ር ግድን ነይሩ ። ነዚ መሰረት ብምግባር፡ ብሽም ስድራ ስዉኣት ፣ ደቂ ስዉኣትን ኣካለ ስንኩላንን ፡ ካብ ውሽጢ
ሃገርን ዲያስፖራን ገንዘብ ከግሕጥ ተዋፊሩ ። ዳግመ ሕውየትን ሃገራዊ ህንጸትን ብዝብል ፡ ካብ ነብሲ ወከፍ እ
ቶት ዘለዎ ኤርትራዊ ፡ 2% “መሕወዪ” ግብሪ ብምስላዕ ፡ ገዚፍ ኣታዊታት ከኻዕብት ተረባሪቡ ። ኣብ ዲያስፖራ
ዝነብር ፡ መሕወዪ ግብሪ ከይከፈለ ዝሞተ ኤርትራዊ ፡ ቤተ-ሰቡ ነተን ዘይከፈለን ዕዳ ቀጺሮም እንተ ዘየረኪቦም ፡
ሓመድ ዓዱ ከይለብስ ዝነፍግ ጨካን መምርሒ ናብ ምትግባር ኣትዩ ።

ኣብ ጽባሕ ሓርነት ፡ ናብራና ከንመርሕ ዘኽእለና ደመወዝ ይገበረልና ኢሎም ዝሓተቱ ተጋደልቲ ፣ ማሕበረ ቁጠ
ባዊ መነባብሮና ይማሓየሽልና ኢሎም ክጠርዑ ናብ ኣስመራ ክጓዓዙ ዝጀመሩ ኣካለ ስንኩላን ማይሓባር ፡ ኣብ ልዕ
ሊኦም ጨካን ማእሰርትን ቅንጸላን ክወርዶም ብምግባር ፡ ኣብ ህዝብና ብሓፈሻ ፡ ኣብ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ
፡ ናይ ራዕድን ሽበራን መንፈስ ብምስራጽ ፡ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ኣውሒሱ ዝቐጽለሉ መርሆ ተኸቲሉ ።

ኣብ ድሮ ሓርነት ፡ ኣብ'ቲ “ሎሚ ዘይከተተ ብደዉ ከምዝሞተ” ዝበሃለሉ ናይ ምርብራብ ወቕቲ ፡ “ ኣብ መጻኢ
ት ኤርትራ ፡ ሚልዮን ቅርሺ ዝኸፈለን ሓንቲ እንቋቑሖ ዘበርከተን ብማዕረ ዝነብሩላ ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰፈና
ኤርትራ ክንሃንጽ ኢና” ኢሉ ዝተማባጸዐ ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ፡ ካብ ጽባሕ ሓርነት ጀሚሩ ፡ ኣብ ልዕሊ የዋህ
ህዝብና ፡ ዘርኣዮ ንዕቀትን ኣሸካዕላልን ክትዝክሮ ፡ ዘዕወልውል እዩ ።

ንኣብነት ፦ ኣብ ጽባሕ ሓርነት ፡ ዝገበሮ ቃለ መሕትት “ ንሕና ሰንበት ሰንበት ናብ ገዛውትኹም እና መጻእና
በጊዕ ክንሓርደልኩም ፡ ኣብ ኣፍ ደገ ገዛኹም በርሚል ነዳዲ ክንቅርበልኩም ኣይኮናን ። ፈሓም ፣ ገዛ ክራይን ኤ
ለክትሪክን ዝሸበሮ ሰብ ፡ ናብ ሃገረ ሰብ ከይዱ ክነብር ይኽእል'ዩ” ምባሉ ፍጹም ዘይርሳዕ ብደዐ እዩ ። ውልቀ
መላኺ ኢሳያስ፡ እታ ንነዊሕ እዋን ኣማዕድዩ ክጽበያ ዝጸንሐ መንበረ ስልጣን ኤርትራ ፡ ብሒቱ ምስ ሓዘ ፡ ጸገም
ህዝብና ፡ ይዕሞቕ ይስፋሕ ፡ ተስፋኡ ይጽልምት ፡ ዘይግዳዱ ምኽኑ ካብ ወጋሕትኡ ኣረጋጊጹ እዩ ።

ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ፡ ናይ ምስፍሕፋሕ ሕልሙ ደሪኹዎ ይግባኣኒ ዝብሎ መሬት ፡ ብሓይሊ ንምጉባጥ ትን
ዕ ትንዕ ክብልን ፡ ልኡኽ ሓያላን ኮይኑ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃገረ ሱዳን ከኣቱ ተራእዩ ኢዩ ። ብምስምስ ጅሃዳ
ዊ ምንቅስቓስ ፡ ሸኻትን መማህራንን ሃይማኖት እስልምና እናዓፈነ ደሃዮም ኣጥፊኡ ። እዚ ፍጻሜ'ዚ ሓድነት ኣ
መንቲ ሃይማኖታት እስልምናን ክርስትናን ብዘላሕልሕ ስልቲ ዝተፈጸመ እዩ ። ከይዋዓለ ከይሓደረ ድማ ፡ ናይ ኦ
ርቶዶክስ ሃይማኖት ፓትርያርክ ብምእሳር ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃይማኖታት ኢዱ ብምእታው ፡ ሃገራዊ ሓድነት
ኤርትራውያን ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ከንቀልቁል ብምግባር ፡ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ከደልድል እናሰርሐ ተጓዒዙ ። ይ
ኹን'ምበር ፡ እከይ ተግባራት'ዚ ጉጅለ'ዚ ፡ ዝቃወሙ ዜጋታት ብውሽጥን ብደገን እናበርከቱ ኣብ ዝመጹሉ እዋን
፡ ካብ'ቲ ምስ መንግስቲ ጁቡቲ ዝጀመሮ ጎንጺ ብዝኸፍአ ፡ ብምስምስ ዶብ ኣብ ልዕሊ'ቲ ፡ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳ
ር መንግስቲ ኢትዮጵያ (ክልል ትግራይ) ዝጸንሐ ግዝኣት ፡ ሃንደበታዊ ወራር ብምውላዕ ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብ
ሓፈሻ ፡ ኣብ ልዕሊ ሂወት ናይ'ቶም ብሽም ሃገራዊ “ኣገልግሎት” እናሰልጠኑ ዝጸንሑ መንእሰያትና ፡ ገዚፍ ህልቂ
ት ኣውሪዱ ።

ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ፡ ኣብ ህዝብና ካብ ዘውረዶ ዕንወት ሰጊሩ ፡ ንምንታይ እዩ ናብ ጎረባ
ብቲ ሃገራት እናዞረ ኩናት ዝውልዕ? ዝብል መሰረታዊ ሕቶ ክላዓል ናይ ግድን እዩ ። እቲ ምኽንያታት ድማ
ሓደ ፦ ኣብ ሜዳ ብሰላሕታ ኣዘንጊዑ ዝዓበየ ፡ ኣብ ሳሕል ዝገበለ ትምክሕታዊ ኣረኣእያ ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ
ጎብለል ናይ ምኳን ሕማም ወሊዱ ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ናይ ይግባኣኒ ሕቶ ፡ ኣብ ከንዲ ብዘተን ሰላማውን ሕጋ
ውን ኣገባብ ፡ ብሰነ-ሞጎት ሓይሊ ክፈትሖ ምውፋሩ ባህርያቱ ዝዓደሎ ምኳኑ ኣራጋጊጹ ።

ክልተ ፦ ውሽጣዊ ሕቶታትን ተቓውሞታትን ህዝቢ ኤርትራ ፡ ኣንፈቱ ንምስሓትን ንምብርዓንን ፡ ኩናት ምስ ጎረ
ባብትን ፕሮፖጋንዳ ኣንጻር ዘይድግፍዎ ልዕሊ ሓያላን ምቅላሕ ፡ ፍቱን ናይ ጨቖንቲ መንግስታት ስልቲ ኣብ ም
ክያድ ተረባሪቡ ።

ሰለስተ፦ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ፡ ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ናይ ምጽንባር ሕቡእ ትልሙ ንምዕዋት ይኹን ፓለቲካዊ ሚዛን ንምርካብ ፡ ሰብኣዊ ፣ ቁጠባዊ ፣ ፖለቲካውን ሞራላውን ዓቕምታት ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ፡ ናይ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ ። ንምድ'ቓቕ፡ ኣብ ዘየቋርጽ ኩናት ምጽማድ ስርሒይ ኢሉ ዝተተሓሓዞ ዋኒን ኢዩ ። ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ፡ መንእሰይና ደማ ብፍላይ ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ልዕሊ 32 ናይ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ዘበነ ኣገዛዝኣ ዓመታት ፡ ማእለያ ዘይብሎም በደላት ወሪዶሞ እዮም ። ኣብ ኤርትራ ፡ ብዘይካ'ቶም ኣብ ውትህደርና ዝተቐርኑ መጻኢኦም ዝጸልመቶም መንእሰያት ፡ መብዛሕትኦም ካብ ሃገሮም ነፊጾም ባሕርን ምድረበዳን ጥሒሶም ፡ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ዝተዓቐቡ እዮም ። ናይ ሎሚ ኤርትራ ፡ ንዓይንኻ ዘብህግ ንስርዓት ኢሳያስ-ህግደፍ ገጢሙ ክስዕር ዝኽእል መንእሰይ ዘዋሓዳ ፡ ዓዲ ሽማግለታት ወለዲ ፣ ኣንስትን ህጻውንትን ክትከውን ተፈሪዳ ኣላ ። ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ፡ ንፖለቲካዊ ስልጣኑ ዘስግኦ መንእሰይ ፡ ካብ ውሽጢ ሃገር ኣባሪሩ ፡ ነታ ሃገር ለኪሙዋ ናብ መቓብር እንተወረደ'ውን ፡ ፍጹም ዘይዓጅቦ ዉሉፍ ኩናትን ዕግርግርን ፡ ፍጹም ጸረ ሰላም ፡ ጸረ ዲሞክራሲ ዝኾነ ውልቀ መላኺ እዩ ።

ከም ዝፍለጥ መንእሰያት ኤርትራ፡ ካብ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብና ፡ ሃገሮም ኩቦ ደርብዮምላ ፡ ናብ ዓዲ ስደት ክውሕዙ ካብ ዝጀምሩ ሓያሎይ ዓመታት ኮይኑ ኣሎ ። ውልቀ መላኺ ኢሳያስን መጋበርያታቱን ፡ "ደርሆ ኣንዊሕካ እንተኣሰርካያ ፡ ዝተፈትሐት ይመስላ" ብምባል ፡ ብተደጋጋሚ የሸካዕልሉ ነይሮም እዮም ። ካብኡ ዝኸፍአ ድማ ፡ "ሩኳናት ፡ ብያቲ እንዳማቶም ምልማጸ ዝለመዱ" ብምባል ከላግጹ ጸኒሖም እዮም ።

ሓደሽቲ መንእሰያት ወለድና ፡ ኣብ'ዛ ፍረ መስዋእቲ ወለዶም ፣ ኣያታቶምን ሳንዳታቶምን ዝኾነት ኤርትራ ፡ ሰላም ረኺቦም ፡ ሰሪሖም ንነብሶምን ስድረኦምን ዝሕግዙላ ፡ ብመንገዲ ምዕባለ ክትምርሽ ፡ እጃሞም ዘበርክቱላ ሃገር ክትትኮኖሎም እዩ ነይሩ ትጽቢቶም ። ብጅግንነታዊ ብረታዊ ተጋድሎና ፡ ህዝብናን ሃገርናን ዝረኸቡዎ ክብርን ተደማጽነትን ብምጥቃም ፡ ናብ ርሑቕ ዲያስፖራ ይኹን ጎረባብቲ ሃገራት ፡ ብነጻነት ገይሾም ብሰላም ዝምለሱላ ሃገር ክትትኮኖሎም እዮም ተተስፍዮም ። እንተኾነ ግን ፡ ብጨካንን ዓንዳርን ስርዓት ኢሳያስ፡ ሕልሞም በኒኑ ። ተስፈኦም በርዒኑ ። ኤርትራ ነቲ ዝተጋደለላን ዝተሰዋኣላን ህዝቢ ዘይትኸውን ፡ ውሑዳት ስልጣን ዝገበቱን መጋበርያታቶምን ጥራሕ ዘዕንድሩላ ኮይና ። በዚ ምኽንያት ኣብ መብዛሕትኡ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ኣብ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ ፡ ዓሚቕ ዝመሰል ፡ ጊዝያዊ ተስፋ ምቕራጽ እንተተራእየ ዘገርም ኣይኮነን ። ንጊዝይኡ ፡ ርእስኻ ኣድኒንካ ምእዙዝ ምኳን ከጋጥም ይኽእል እዩ ፡ ካብኡ ዝኸፍአ ድማ ፡ ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ ፡ ደበና ሞት ፣ ማእሰርትን ጸሓይን ሃሩርን እናረአኻ ፡ "ዝረኸበ ይርከበኒ ብምባል ፡ ፎቀዶ ስደት ፋሕፋሕ ምባል ፡ ብሰፊሑ ክረአ ጸኒሑ ። ይኹን'ምበር ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ፡ ካብ ዓድኻ ኣርሒቑካ ተሰዲድካ'ውን ዕሽሽ ዝብል ፣ ድኻምካ ክተቃልል፣ ቁስልኻ ክተሕዊ ፣ ሂወትካ ቀሲንካ ክትመርሕ ዕድል ዝህብ ኣይኮነን ። ኣብ ኣህጉራትን ሃገራትን እንዳማቱ እናሳዓበ ፡ ሰጥ ለበጥ ኢልካ እንተ ዘይተገዛእካ ፡ ዝተኣዘዝካዮ እንተ ዘይፈጸምካ ወይለኻ! ባሃሊ ኮይኑ ። ብስለላዊ መሓዉራቱ ዝጸናጸን ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዝነብር ህዝቢ ፡ ኣፉ ሎጒሙ ፡ ናብ ጎረባብቲ እናወረረ ህዝብን ሃገርን ዘዕኑ ኮይኑ ቀጺሉ ።

መንእሰይ ወለዶ ኤርትራ ብሓፈሻ ፡ ናብ ስደት ዝሰገረ ድማ ብፍላይ ፡ ንዘይጽወር ጸይሩ ፡ ንዘይተወሰነ እዋን ከነብር ኣይክእልን ። ኩቦ ደርብዩላ ዝወጸ ሃገሩ ፡ መተካእታ ዘይረኽበላ ሃገሩ እያ ። ካልእ ሃገር የብሉን ። ኣብ ዓዲ ዝገደፎም ወለዱ፣ ኣዝማዱን ደቂ ዓዱን ድማ ፡ ሃለዋቶም ከደቅሶ ኣይክእልን ። ካብ ተኾርሚኻ ሞት ፡ ኣሳፊሕካ ሞት ክመርጽ ፡ ሃገራውን ሰብኣውን ሕልንኡ የገድዶ እዩ ።

ስለዚ ይኣክል ክብል ፣ ዕድመ ውልቀ ምልካዊ ስርዓት ኢሳያስ ዘናውሑ ኩሎም ዓውድታት ደው ክብሉ ፡ ጠቕሊሎም ክዕጸዉ ፡ ድምጹ ብዓውታ ከስምዕን ነይሩዎ ። ኣንጻር ጨካን ውልቀ ምልካዊ ስርዓት ኢሳያስ ፡ ኣብ መላእ ዓለም ፡ ካብ ምቅላስ ወጻኢ ፡ ካልእ ኣማራጺ የብሉን ።

ህዝባዊ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራ ብርጌድ ንሓመዱ ፡ ዝላዓለ መቐጸልታን ብልሒ ሜፍን ፡ ነባራት ተቓለስቲ ወለዶ እዩ ። እቶም ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር ዝተጠቐሱ መበገሲታት ዘለዎ እዩ ። ወድዓዊ ዝኾኑ መበገሲታት እዮም ። ዕላምኡ ድማ ፡ ንጹራትን ዘየጋግዩን እዮም ። ኣብ ኤርትራ፡ ብውልቀ መላኺ ኢሳያስን ጉጅልኡን ፡

ንልዕሊ 32 ዓመታት ዝተዓፈኑ ፡ ማሕበረ ቁጠባዊ ፣ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ፣ ፍትሕን ጥዑይ ስርዓት ምሕደራ ናይ ምስፋን ሕቶታት ፡ መልሲ ክረኽቡ ይደልዩ ፡ ነጻነትን ልዑላውነትን ኤርትራ ዝዕቅብን ዘውሕስን ፡ ምስ ጎረባብትናን ዓለምን ፡ ኣብ ምትሕግጋዝን ምክብባርን ዝተመስረተ ፡ ሰላማዊ ናብራ ከመርሕ እዩ ድልየቱ ። እዞም ኩሎም ዕላማታቱ ድማ ፡ ኣብ ትሕቲ'ቲ ብመላእ ህዝብና ተዘትዩሉ ዝጸድቕ ሃገራዊ ቅዋም ሙርኩስ ብምግ ባር፡ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመረጸ መንግስቲ ፡ ዝማሓደርን ዝምራሕን ክኸውን እዩ ሕርያኡ ።
መንእሰያት ኤርትራውያን ብርጌድ ንሓመዱ ፡ መበገሲ ቃልሶም ወድዓዊ ፡ ዕላምኦም ድማ ቅኑዕ ይኹን'ምበር፡ ኣ ብ ጉዕዞ ቃልሶም ሕጽረታት ከርእዩ ይኽእሉ እዮም ። ምኽንያቱ ፡ መብዛሕትኡ ተቓላሳይ መንእሰይ ወሎዶና ፡ ናብ መዓስከር ሳዋ ኣትዩ ፡ ሓንጎሉ ተሓጺቡ ፡ ንኢሳያስን ጉጅልኡን ጥራሕ ዘገልግል ትውልዲ ክኸውን ዝተሰር ሓሉ እዩ ። ከይሓስብን ከይመራመርን ፡ ፖለቲካዊ ስብእንኡ ብምቕታል ፡ ንልዕሊኡ ዘሎ ኣካል ምእዙዝ ምኻን ፡ ከም ንቡር ገይሩ ክወስዶን ፡ ምስ ሰብነቱ ከወሃህድን ፡ ብፋሹም ጸረ ዲሞክራስያዊ ብዝኾነ መንገዲ መኣዝኑ ክስ ሕት ጽዑቕ ወፈራ ተኻይዱሉ እዩ ። እዚ ጸረ ዲሞክራስያዊ ኣሰራርሓ'ዚ ፡ ኣብ ሓንጎል ዕሸል ወለዶና ዘዕርፎ ጽ ልዋ ምህላዉ ድማ ፡ ምግንዛብ የድሊ ። እምባኣርከስ ፡ እቲ ዝበዝሐ መንእሰይና፡ ብማዓስከር ሳዋ ዝሓለፈ ፡ በደላ ት ስርዓት ኢሳያስ ፡ ክሳብ ኣንጉዑ ዞሪቑ ኣትዩ ድቃስ ዝኸልእ እዩ ። ይኣክል ጭቀና ፣ ላግጽን ኣሸካዕላልን የ ብቅዕ ብምባል ፡ ናብ ቅርዓት ወጺኡ ፡ ተቓውሞኡ ብነድሪ ዝገልጽ ዘሎ እዩ ። እዚ ሃገራውን ህዝባውን ሓላፍነት ደሪኹዎ ፡ ብቐንዕና ናብ ቅርዓት ዝወጸ ተቓላሳይ ደላዪ ለውጢ ዕሸል ወለዶና ፡ ሓደ ሓደ ሕጽረታትን ስምዒታ ዊ ገለጻታትን እንተኣንጸባረቐ ፡ ዘገርም ኣይኮነን ። መበገሲታት ቃልሱ ወድዓዊ ፡ ዕላምኡ ድማ ቅኑዕን ፍትሓው ን ብምዃኑ ፡ ኣብ ጎድኑ ደው ኢልካ ፡ ምምኻር ፣ ተሞኩሮታት ምስናቕ ፡ ማኣዝን ምምልኻት ፡ ብዘይምስልካይ ክሳብ ዓወት ፡ ክቖጽል ይህልዎ ። ካብ'ዚ መሰረታዊ እምነት'ዚ ብምብጋስ፡ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስ ሃግ)፡ ኣብ ጎድኒ ህዝባዊ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራውያን ብርጌድ ንሓመዱ፡ ደው ኢሉ ከምዝንቃለስ የረጋግ ጽ።

# ሎሚ'ውን ቀንዲ ቱኽረት ቃልስና ፡ ኣንጻር ቀንዲ ጸላኢና የቕንዕ!

ኤርትራ ሃገርና ፡ ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም ፡ ንልዕሊ 32 ዓመታት ፡ ብሓደ ዕሉል ውልቀ መላኽን እሙናቱን ትግዛእ ኣላ ። ስለዝኾነ'ውን ሓጋጊ ኣካል ፣ ፈጻሚ ኣካልን ፈራዲ ኣካልን ዝባሃሉ ፡ ስሩዕ መንግስታዊ ቅርጻ የብላን ። ሓ ደ ገባርን ሓዳግን ውልቀ ሰብ ፡ ከም ድልየቱ ዝዝውራ ሃገር ኮይና ጸኒሓን ኣላን ። ባዕሉ ሓጋጊ ፣ ባዕሉ ፈጻሚ ፡ ባዕሉ ፈራዲ ። ናይ ህዝብን ሃገርን መጻኢ ዕድል ኣብ ሕፍኒ ኢድ ፡ ዕሉል ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ወዲቑ ይርከ ብ ።
ኤርትራ በቲ ህግደፍ ዝሰሙ እንኮ ሰልፊ ትምራሕ ፡ ናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ ሰሜን ኮርያ ዝብል ስያመ ተዋሂቡዋ ኣሎ ። ግን ከኣ ንምኻኑ ካብ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ወጻኢ ፡ ህግደፍ ዝባሃል ሂወት ዘለዎ ፖለቲካዊ ሰልፊ ኣሎ ድዩ ዝብል ሕቶ ይላዓል'ዩ ። ብጭቡጥ መረዳእታ ፡ እወ ኢሉ ዝምልስ የለን ። ከምቲ ድሕሪ 15 ዓመታት ፡ 'ሞ ይቱ እዩ ተባሂሉ መርድእ ዝተነገረሉ ቅዋም 97 ፡ ህግደፍ የላን ፡ ሞይታ ኢያ ፡ ተባሂላ መርድእ ዘይተነገረላ ብ ምኻና ጥራሕ'ዩ ። ንምንታይ? ኣብ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ ህግሓኤ 1994 ዓም ፡ ነቲ ነባር ስም ፡ ብህግደፍ ካብ ዝ ልወጥ እንሆ 27 ዓመታት ኣሕሊፉ ኣሎ ። ካብቲ ኣብ ሜዳ ድሕሪ 10 ዓመታት ዝካየድ ዝነበረ ውድባዊ ጉባኤ ታት ህግ ዝኸፍአ ኮይኑ ማለት ኢዩ ። ንምንታይ ዝብል ፡ ንግዝይኡ ንኣባላት ህግደፍ ኢና ዝብሉ ንግደፎ።
ናይ ሓደ ውድብ ሕጋዊ ህልውና መረጋገጺ ፡ ሃለዋት ናይ'ቲ ኣብ ጉባኤ ተመሪጹ ዝቐመ ማእከላይ ሽማግለ ኢዩ ። ካብ'ዚ ኣካል'ዚ ፡ ብሞት ዝተፈለዩ ፣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጉኖም ዳሃዮም ዘየለ ፣ ካብ ሃገሮም ሃዲሞም ፡ ኣ ብ ሃገራት ምዕራብ ዑቕባ ዝሓተቱ ቀጺርካ ፡ ውድባዊ ህልውና ህግደፍ ከምዘብቅዐ መረጋገጺ እዩ ። ህግደፍ ነበ ረያ ነበረ ኮይኑ ተረሲዑ ዝተረፈ እዩ ። ስለዚ ፖለቲካዊ ህልውና ህግደፍ ብቐንዱ ምስ ሃለዋት ውልቀ መላኺ ኢ ሳያስ ብቐጥታ ዝተኣሳሰረ ምኻኑ ፈጺሙ ዘካትዕ ኣይኮነን ።

ብርግጽ ፡ ህግደፍ ሃለወት ኣይሃለወት ፡ ንህዝብና ጣቋ ሃልዩዋ ኣይኮነትን ። እንታይ ደኣ እዚ ንሃገርን ህዝብን ኤ
ርትራ ኣብ ምዕናው ቀንዲ ተሓታቲ ዝኾነ ውልቀ ሰብ ፡ ደረጃ ውልቀ ምልክነቱ ኣበየናይ ጥርዚ በጺሑ ምህላው
ንምቅላዕ እዩ ። በቲ ካልእ ድማ ፡ ሃገርን ህዝብን ኣብ ምብራስ ተዋፊሩ ንዘሎ ዕሉል ውልቀ መላኺ ፡ ብሽም ኣባ
ላት ህግደፍ ፡ ከም ሂወት ዘለዎ ኣቕሓ ፡ ናይ ጥፍኣት መሳርሒ ኮይኖም የገልግሉ ምህላዎም ንምዝኽኻር እዩ።
ኣብ ላዕሊ ኣብ ኣርእስትና ከም ዝጠቐስናዮ ፡ ናይ ህዝብና ቀንዲ ጸላኢ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ኣብ ከብባቢኡ ዓ
ሲሎም ቀንዲ መጋበርያ ኮይኖም ዘገልግሉዎ ዘሎዉ ላዕለዎት ፡ ናይ ሰራዊት ፣ ናይ ጸጥታን ስለላን ፡ ናይ ዜና
ን ውደባን ከምኡ'ውን ናይ ዲፕሎማሲ ካድራቱን እዮም ። እዞም ኣካላት'ዚኦም ብኣዝዩ ምእኩል ዝኾነ ኣሰራርሓ
ውልቀ መላኺ ኢሳያስ እናተናበቡ ፡ ኣብ ሃገር ዝነብር ህዝብና ፡ ሰጥ ለበጥ ኢሉ ርእሱ ኣድኒኑ ክግዛእ ፡ ብዝተዋ
ደደ መንገዲ ክዋፈሩ ጸኒሖም ኣለዉ ። ዕድሚኡ ሙሉእ ኣብ ውትህድርና ጅሆ ዝተታሕዘ መንእሰይ ድማ ፡ ብ
ዘይ እኹል ደመወዝ ፡ ንህዝቡ ጥራሕ ዘይኮነስ ፡ ዶብ ተሳጊሩ ፡ ብጭካነ ህዝቢ ዝጭፍጭፍ ፣ ዝዕምጽ ፣ ንብረት
ን ጥሪትን ዝዘምት ፡ ዘይወሰዶ ድማ ዘዑት ሰራዊት ገይሮም ሃኒጾሞን ብዘይ ምሕላል ይቕጽሉን ኣለዉ ። ኣብ ዲ
ያስፓራ ድማ ፡ ነባር ይኹን ሓድሽ ሰደተኛ፡ ፈትዩ ይኹን ጸሊኡ ፡ ናይ ስርዓት ኢሳያስ ፋይናንሳዊ ምንጪ፣ ኣብ
ዝተለኣኾ ዝነብሕ ፣ እናሰምዐ ዝጸመመ ፣ እናረኣየ ዝዓወረ ፣ ምስ ኣእምሮኡ ዝዶንቀረ ፣ ኣብ ሕድሕዱ ዘይተኣ
ማመን ፣ ዝጸናጸን ፡ ማሕበራዊ ሂወቱ ዝተዘርገ ፡ ክኸውን ከም ሕሱም ተዋፊሮምሉ ጸኒሖምን ኣለዉን ። መንግስ
ታትን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ብምድንጋር ፡ ግናይ ምስሎም ንምጽብባቕ ላዕልን ታሕትን ይብሉ ። ምስ ዘይሰልጦም
ድማ ፡ ናብ ጸለመን ኣውያትን ብምውፋር ፡ ህዝብና ፈታዊ ኣልቦ ፣ ጥርጡርን ዝተገለለን ኮይኑ ክነብር ፡ ክዋፈሩ
ሉ ዝጸንሑ ሰይጣናዊ መርሆ እዩ ።
ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ምስ ጉጅልኡ ፡ ኣብ'ተን ዝሓለፋ ልዕሊ 32 ዓመታት ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን መጻኢ ዕድ
ል ሃገርናን ኣውሪዱዎ ዘሎ ዕንወት ፡ ብቐሊሉ ዳህሲስካ ዝርከብ ፡ ዓለም ዝሰካሓትሉ እዩ ።
ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ፡ ኣብ ድሕነትን ቀጻልነት ህዝብና ቅንጣብ ሓልዮት ከም ዘይብሉ ፡ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት
እናዘለለ ኣትዩ ዝወልያም ኩናታት ፡ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ኤርትራ ዝወረደ ህልቂት ጭቡጥ መረጋገጺ እዩ ።
ልዕሊኡ ድማ ፡ ኤርትራ ከም ነጻን ልዑላዊትን ሃገር ኮይና ክትቅጽል ድልየት ከም ዘይብሉ ፡ ዝኣጀሎ ሕቡእ ትል
ሚ ከምዘለዎ ፡ ላዕለዎት መሳርሕቱ ዝነበሩ ክሕብሩ ጸኒሖም እዮም ። ብመሰተ ፡ ጢን ኢሉ ምስ ሰኸረ ፡ "ጅንሓ
፤ ብድሕረይ እንታይ እናበልክን ከም ትሓምያኒ እፈልጥ እየ ፤ ነዛ ሃገር ፡ ከም'ታ ዘምጻእኩዋ ፡ ናብ ዘይ ትረኽብ
ኣ ክሰቕላ እየ"እናበለ ከምዝፍክር ዝሕብሩ'ውን ኣለዉ ።"ሰኽራም ናይ ልቡ ይዛረብ" ይብሉ ለባማት ።
እዚ ዕሉል ውልቀ-መላኺ ፡ ኣብ ፈኸራን ምሕንሓንን ጥራሕ ግን ደው ኣይበለን ። ፖለቲካዊ ስብእናን ሞራልን
ህዝብና ድዒኽዮ ኣለኹ ፤ ተናሓናሕተይ ድማ ፡ ኣብ ዘይወጹሉ ዓሚቕ ጉድጓድ ኣእተየዮም እየ"፡ ኢሉ ኣብ ዝገ
ምገመሉ እዋን ብሓደ ወገን ፡ መንግስቲ ኢህወደግ ፡ 'ጉዳይ ዶብ ብዘይ ቅደመ ኩነት ኣብ ባይታ ክምልከት ድሉ
ዋት ኣለና" ኢሉ ምስ ኣወጀ ድማ በቲ ካልእ ወገን ፡ ምስ ሓድሽ መንግስቲ ኢትዮጵያ ፡ ኣብ ኣስመራ ፣ ጎንደር
፣ ኣዲስ-ኣበባ ፣ ስዑድን ኢማራትን ፡ ካብ ህዝብና ዝተሓብኡ ፡ ምሲጢራዊ ዉዕላትን ስምምዓትን ኣሲሩ ናብ ትግ
ባረ ተጓይዩ እዩ ። ኣብ መዓልቲ ስዉኣት ፡ ብ'ወያነ ጌም ኦቨር (ጸወታ ኣብቂዑ) ዝጀመረ ፡ ኣብ መዓሰከር ሳዋ ፡
ኣብ ቅድሚ መንእሰያት ፡'ኣብ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ሕጽቦ ክነካይድ ኢና" ናብ ዝብል ዕብዳን ተሰጋጊሩ ። ናብ
ኢትዮጵያ (ሃዋሳን ኣዲስ ኣበባን) ኣብ ዘካየዶ ብጽሖ ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ፡ ንቀ/ምኒስቴር ኢተትዮጵ
ያ ፡ 'ንስኻ ኢኻ ትመርሓና ፤ ንዓኻ ሓላፍነት ሂበካ ኣለኹ ፤ እዚ ንቓልዓለም ዝዛረቦ ዘለኹ ኣይኮነን' ኢሉ መዲ
ሩ ። ብምቕጻል ኣብ ኣዳራሽ ሚሊንየም ፡ 'ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ሓደ ህዝቢ እዮም ፤ ...ኣይኮኑን ዝ
ብል እንተሃልዩ ፡ ታሪኽ ዘይፈልጥ ጥራሕ'ዩ ክብል መዲሩ ። እዚ ኩሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ፡ ነቶ
ም ንዕኡ ሰንዮም ዝተጓዕዙ መጋበርያኡ ካብ ዘለዎ ክቱር ንዕቀት ዝብገስ እዩ ነይሩ ። ኣዳኸርቱ ከም ሰቦም ክስሕ
ቁን ከጣቕዑን እንከለዉ ፡ ኣብ ዲያስፖራ ዝነብር ህዝብና ፡ ከም ቀፍኡ ዝተተንከፎ ንህቢ ፡ ኣብ ቅርዓት ወጺኡ ፡
ይኣክል ዝብል ጭርሖ ዓው ኢሉ ከቓልሕ ዝተገደደሉ እዋን ንዝክሮ ኢና ።
ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ፡ ምስ መላፍንቱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ፡ ኣዕናዊ ወራር ከባርዕ ኣብ ምቅርራብ ኣብ
ዝነበረሉ እዋን ፡ ለካቲት 2020. ምስ እሙናት ካድራት ጋዜጠኛታቱ ኣብ ዘካየዶ ቃለ-መሕትት ፡ ንጉዳይ ኢትዮ
ጵያ ኣብ ማዕዶ ኮይኑ ከምዘይርእዮ ፡ ንፌደራላዊ መንግስቲ ብኹሉ ዓቕሙ ክድግፎ ድሉው ምዃኑ ብቓልዕ

እዉጅ ገይሩ ። ብተዘዋዋሪ መንገዲ ንህዝቢ ኤርትራ ፡ ኩናት ዘይተርፍ'ዩ ዝብል መልእኽቲ ዘማሓላልፍ እዩ
ነይሩ ።
እቲ ብሕዳር 2020 ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኣወጀ ዙርያ ጠምጥም ወራር ፡ ንክልተ ዓመታት ምድላው
ዝተኻየደሉ ምዃኑ ንምግንዛብ ሊቕ ተማራማሪ ምዃን ኣየድልዮን እዩ ። ወሳኒ ዓቕሚ ሰራዊት ኢሳያስ ፡ ምስ
ማሓዙቱ ኣብ ትግራይ ኩሉ መዳያዊ ዕንወት እናውረደ እንከሎ ፡ ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ ከይሃበ ኣጽቂጡ ጸኒ
ሑ ፤ ብማሕበረ ሰብ ዓለምን ዓበይቲ ሚድያታትን ተኾርኲሩ ፡ መህደሚ ምስ ሰኣነ ፡ "ወያነ ሚሳይል ምስ ቶኮ
ሰትልና ፡ ነብስና ንምክልኻል ዝወሰድናዮ ስጉምቲ እዩ" ብምባል ካብ ተሓታትነት ንምህዳም ፈቲኑ እዩ ።
ኣብቲ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ብኹሉ ዓቕሙ ዝተዋፈረሉ ፡ ህዝብና ዘይፈልጦ ኣዕናዊ ወራር ፡ ኣብ ልዕሊ መ
ንእሰያት ኤርትራ ፡ ሰፍ ዘይብል ህልቂት ወሪዱ ኣሎ ። እዞም መላምል ደቂ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ኣባላት ሰራዊት
ኢሳያስ ፡ ርእሲ ህዝብና ኣብ ዘድንነ ፡ ብስክፍታ ኣብ ዘሾቕረረ ፡ ኣዕናዊ ኩናት ፡ ከንቱ ሞት ስለዝሞቱ ፡ ውል
ቀ መላኺ ኢሳያስን ጉጅልኡን ፡ ንዝሃለቑ ኣባላት ሰራዊቱ ፡ ንቤተ-ሰቦም ከየርድእ ፡ ኣብ ዕንይንይ ወዲቑ ይር
ከብ ። እዚ ህልቂት'ዚ ፡ ህዝብና ብፍቶት ይኹን ብምድንጋር ዝተዋሳኣሉ ብዘይምዃኑ ፡ ከንቱ ሞት ደቁ ተረ
ዲኡ ትም ኢሉ ደቂሱ ከምዘይሓድር ርእሰ ግሉጽ ሓቂ እዩ ።
ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ግን ፡ ካብ ዝሓለፈ ናይ ጥፍኣት ተግባራቱ ፈጺሙ ዝማሃር ወይ ድማ ዝጣዓስ ኣይኮነ
ን ። ኣብ ትግራይ ዝተወለዐ ወራር ፡ ብስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ደው ምስ በለ ፡ ናብ ሚድያ ወጺኡ ፡ 'ተኾ
ሊፍና' ብምባል ፡ ሕርቃኑ ብነድሪ ገሊጹ እዩ ። ካብ ኩናትን ወረ ኩናትን ወጻኢ ዕምሪ ክረክብ እየ ኢሉ ዘይ
ኣምን ዉሉፍ ኩናት ብምዃኑ ፡ ኣብ ሞንጎ ላዕለዎት ወታሃደራውያን ሓለፍቲ መንግስቲ ሱዳን ፡ ሓዊ ኣሳዊሩ
፤ ሃገረ ሱዳንን ፡ ሓቋፊ ሚልዮናት ስዱዳት ዝኾነ ህዝቢ ሱዳንን ፡ ኣብ ታሪኹ ርእዮምን ሰሚዖምን ዘይፈልጥ
ሕምስምስን ህልቂትን ወሪዱዎ ይርከብ ። እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሱዳንን ፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ተዓቚቦም ዝ
ጸንሑ ኤርትራውያን ስዱዳትን ካልኦትን ወሪዱዎም ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ኣደራዕ ፡ ነዊሕ ኢድ ኢሳያስን ልኡኻ
ቱን ከምዘለዎ ፈጺሙ ዘጠራጥር ኣይኮነን ።
ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ፡ ዕድመ ደፊኡ ሓንቲ እግሩ ናብ ጉድጓድ ገጻ ኣብ ዝተቓረበትሉ እዋን ፡ ንኤርትራን
ህዝባን ለኪሙዎም ክዓርብ ዘለዎ ሕዱር ጽልኢ ብተግባር ኣረጋጊጹ እዩ ። መገሸኡ ናብ ሃገረ ሩስያ ፡ ናብ ፕ
ረዚደንት ፑቲን ዘቕረቦ ምሕጽንታ እኹል መርተዖ እዩ ። ዓለም ብሙሉኣ ፡ ንዝተወልዐ ኩናታት ይኹን ግር
ጭታት ብሰላም ንምፍታሕ ላዕልን ታሕትን ኣብ ትብለሉ እዋን ፡ ብስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ኣንጸርጺሩ ፡ ኣብ
ሃገረ ሱዳን ሓዊ ኣሳዊሩ ፡ ናብ ሃገረ ሩስያ ገይሹ ፡ ኣንጻር ኔቶን ሃገራት ምዕራብን ኩናት ክውላዕ ፡ ናብ ም
ምሕጻን ዝተሰጋገረ ኢሳያስ ፡ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ንምጽናት ዝተዓጥቀ ፡ ቀንዲ ደመኛ ጸላኢና ምዃኑ ፡ ዋ
ሕስ ኣግብእ ፈጺሙ ኣየድልዮን ።
ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ፡ ኣብ ጉዳይ ሃገርናን ኢትዮጵያን ጎሊሆም ዝራኣዩ ክውንነታት ኣለዉ ። ምስ ውልቀ መላኺ
ኢሳያስ ብዝተታሓሓዘ ፡ እቲ ከም ሩኳንን መልመጺ ብያትን ተባሂሉ ፡ በቲ ስርዓትን ጉጅልኡን ክዋረድን ፡ ኣ
ርሒቑ ኣብ ዲያስፖራ ተሰዲዱ ዝጸንሐ መንእሰይ ወለዶ ኤርትራ ፡ 'ወጽዓ ይኣክል' ብምባል ፡ ኣብ ትሕቲ ብ
ርጌድ ንሓመዱ ተጠርኒፉ ፡ ኣብ ልዕሊ መሓውራት ስርዓት ኢሳያስ ፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ማዕበል ወሊዑ ኣሎ ። ከ
ም ውጽኢቱ ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን መሓዉሩን ፡ ኣብ ዓሚቕ ፍርሒ ተሸሚሞም ፡ ናብ ግብረ-ሽበራዊ ተ
ግባራት ክኣትዉ ጀሚሮም ኣለዉ ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ፡ ደላዩ ለውጢ ህዝብና ብሓፈሻ ፡ መንእሰያትና ድማ ብ
ፍላይ ፡ ኣንጻር መሓውራት ስርዓት ኢሳያስ ፡ ኣብ ከቢድ ምትሕንናቕ ዝኣተዉሉ ጊዜ ኮይኑ ኣሎ ። እዚ ኣብ
ዲያስፖራ ተጀሚሩ ዘሎ ምትሕንናቕ ብምቕጻል ፡ ዕምሪ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ-ህግደፍ ዘብቃዓሉ ድማ ፡ ኣብ
ማእከል ኤርትራ ብዝካየድ ወሳኒ ግጥም እዩ ። በዚ ምኽንያት ፡ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ከቢድ ፍርሒ ክሽመምን
፡ ናብ ናይ ኣጥፊእካ ምጥፋእ ሽበራዊ ተግባር ፡ ክኣቱ ይረአ ኣሎ ።
ኣብ ኢትዮጵያ ድማ ፡ ካብ ጽባ'ሕ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ፡ ኣብ ሞንጎ ፌደራል መንግስትን ዕጡቕ ሓይሊ
ፋኖን ፡ ሓያል ወጥሪ ክረአ ጀሚሩ ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ ፡ ኣብ ደማዊ ኩናት ተሸሚሞም ኣለዉ ። ክልል
ኣምሓራ ዓውዲ ኩናት ኮይኑ ፡ ሂወት ደቂ ሰባት ብዘሕዝን ኣገባብ ዝረግፈሉ ኩነታት ንዕዘብ ።ውልቀ መላኺ

ስርዓት ኢሳያስ ፡ ኣብ እዋን ወራር ትግራይ ፡ ምስ ዕጡቕ ሓይሊ ኣምሓራ ተኣሳሲሩ ፡ ኣብ ኩናትን ኲሉ መዳያዊ ስልጠናን ተጸሚዱ ምጅንሑ ፡ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ ። ክልል ኣምሓራ ፡ መሓዉራት ስርዓት ኢሳያስ ፡ ከም ድልየቶም ዝዕንድሩላ ካልኣይቲ ዓዶም ገይሮማ ጸኒሖም እዮም ። ዕጡቕ ሓይሊ ኣምሓራ ፡ ኣንጻር ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ ፡ ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ደማዊ ኲናት ፡ ኢድ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ፡ ኣለዎ እዩ ተባሂሉ ይጥርጠር ጥራሕ ዘይኮነስ ፡ በጨቕ እናበሉ ዝወጹ መግለጺታት ላዕለዎት ኣካላት መንግስቲ ፡ ኣብ ናይ ግሊ ሚድያታትን ክቃላሕ ንከታተል ኣለና ።

ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ፡ ምስ ፌደራል መንግስትን ክልል ኣምረሓራን ፡ ጥቡቕ ዝምድና ካብ ዝመስርተሉ ጀሚሩ ፡ ጉዳይ ምምልካት ዶብ ከም ኣርእስቲ ክርሳዕ ፡ ኮነ ኢሉ ሰሪሑሉ እዩ ። ቀ/ምኒስተር ኢትዮጵያ፡ ኣብ ማእከል ቤተ መንግስቲ ኣስመራ ኣብ ዝተዳለወሉ ናይ ድራር እንግዶት ፡ ዘማሓላለፎ መልእኽቲ ምዝካር ከድሊ እዩ ። ቀ/ምኒስቴር ኣብ መልእኽቱ ፡ እቲ ንውልቀ መላኺ ኢሳያስ ፡ ኣፉ ከፊቱ ክስሕቐን ከጣቕዕን ዝገበሮ መደረ ንጎድኒ ገዲፍና ፡ ኣብታ ምሸት'ቲኣ ፡ "ኣነን ኢሳያስን ተደሚርና ማለት ፡ ዓሰብ ንካፈል ማለት'ዩ" ብምባል ብዛዕባ ሕልሚ መጻኢኡ ኣተንቢሁ ። ድሕሪኡ ፡ ምስ ወደባትናን ህንጸት ሓይሊ ባሕርን ብዝተታሓሓዘ ፡ ዝተፈላለዩ መደረታት እናተኸታተልና መጺና ኢና ። ይኹን'ምበር፡ ብስርዓት ኢሳያስ ፡ ንሓንቲ እዋን'ውን ትኹን ፡ ነዞም መደረታት ዝእርም መልሲ ተጻሒፉ ፡ ወይ ድማ ፡ ኣብ ሚድያ ተማሓላሊፉ ኣይፈልጥን ። ንምንታይ ዝብል ክላዓል ይኽእል ይኸውን ። ግን ከኣ እንታይ ዝሕባእ ሃልዩዎ ።

ኣብ ክልል ኣምሓራ ፡ ከቢድ ደማዊ ኲናት ኣብ ዝካየደሉ ዘሎ እዋን ፡ ምስ ወደባትና ይኹን ዋንነት ቀይሕ ባሕሪ ብዝምልከት ፡ ብላዕለዎት ሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ብልጽግና ፡ ተገሊጾም ዝተባሃሉ ፡ ኣብ ውልቀ ናይ ቲቪን ፍሉጣት ናይ ዩ-ትዩብ ሚድያታትን ብሰፊሑ ክዝርጋሕ ክንከታተል ቀኒና ኣለና ። ብኣንጻሩ ፡ ብውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ዝኾነ ይኹን ፡ ግብረ መልሲ ኣይተዋሃበሉን ። ስለዝኾነ'ውን ንምንታይ ዝብል ዓቢ ሕቶ ዘልዕል እዩ ። ምኽንያቱ ፡ እዞም ብውልቀ ሚድያታት ዝቃልሑ ዘለዉ መልእኽታት ፡ ኣብ ነጻነትን ልዑላውነትን ሃገርና፡ ኣሉታዊ መልእኽቲ ዘለዎም ብምዃኖም እዮም ።

ብሸነኽ ስርዓት ኢሳያስ ፡ ኣሜሪካን ወያነን ፡ ኤርትራ ንምውራር ይዳለዉ ኣለዉ ብምባል ፡ ናብ ኲናት ዘዕድም ወታሃደራዊ መናወራታት ከካይድ ጸኒሑ ኣሎ ። ብወገን መንግስቲ ፌደራል ኢትዮጵያ ድማ ፡ ካብ'ቶም ኣብ ዕጹው ኣዳራሽ ተባሂሎም ብምባል ፡ ብውልቀ ሚድያታት ዝዝርግሑ ፡ ብተዘዋዋሪ ወይ ድማ ፡ ብሓፈሻ ዝድርበዩ ቃላት እንተዘይኮይኖም ፡ ምስ ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ፡ ኣብ ባይታ ፡ ወታሃደራዊ ወጥሪ ይኹን ዲፕሎማስያዊ ምጉጥጣይ ኣይረአን ።

ስለዚ ነዚ ኩሉ ኣኪብና ደሚርና ፡ ኣውጺእና ኣውሪድና ፡ እንታይ ኢና ክንብል ንኽእል? ከም ሃገር ፡ ነጻነትናን ልዑላውነትናን ዘውሕስ ፡ ከም ህዝቢ ድማ ፡ ህልውናናን ቀጻልነትናን ዘረጋግጽ ፡ ቅኑዕ መርሆ እንታይ ክኸውን ይህልዎ ዝብል ኣነጺርና፡ ሸኻልና ኣጽኒዕና ክንቃለስ ይህልወና ።

ኣብ ባይታ ሃገርናን ፡ ኣብ ዘባን ህዝብናን ዘሎ ጭቡጥ ክውንነት ፡ ፈጺሙ ዘጋጊ የብሉን ። ብዝኾነ ይኹን ምስ ምስ ፡ ፈጺሙ ዝሸፋፈን ኣይኮነን ። ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ፡ ዘዕነወ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ምስ ጉጅልኡ እዩ ። ኣብ ልዕሊ ነጻነትናን ልዑላውነትናን ፡ ርኡይን ስዉርን ተጻብኦ ክዓኩኽን ክሻድንን ባይታ እናመድመደ ዝመጸ ፡ ባዕሉ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ እዩ ። ኣፍደጊኡ ጋሕ ኣቢሉ ፡ ክኣትዉ ዕድል ዝሃበ ንሱ እናሃለወ ፡ ገና ኣብ መደረን መግለጽን ተሓጺሩ ዘሎ ተጻብኦ ፡ ንቕድሚት ወጢጥካ ፡ ቀንዲ ኣጀንዳ ምግባር፡ ዕምሪ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ዘናውሕ ፡ ኣንጸላልዩና ኣሎ እንብሎ ሓደጋ ፡ ብዝኸፍአ ክዓቢ ዝገብር እዩ ።

ስለዚ ናይ ኩሎም ጸገማትናን ኣንጸላልዮምና ዘለዉ ሓደጋታትን ቀንዲ ተሓታቲ ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ንሱ ዝሃነጾ ናይ ጥፍኣት መሓውርን እዩ ። በዚ ምኽንያት፡ ኤርትራ ከም ሃገር ነጻነታ ተዓቂቡ ፡ ልዑላውነታ ተኸቢሩ ክትቅጽል ፡ ህዝብና ድማ ህላውነቱ ኣዉሒሱ ፡ ብመንገዲ ሰላም ፣ ዲሞክራስን ዕብየትን ንቕድሚት ክምርሽ ፡ ዓቕምታትና ኣዋሃሂድና፡ ብቐዳምነት ንምውጋድ ገባቲ ስርዓት ኢሳያስ ህግደፍ ንቃለስ ።

ስለዝኾነ ድማ ፡ ነዚ ኣብ ዲያስፖራ ፡ ብናህሪ ተላዒሉ ፡ ታሪኽ እናሰርሐ ዝቕጽል ዘሎ ህዝባዊ ምንቅስቓስ መን እሰያት ኤርትራውያን ብርጌድ ንሓመዱ ፡ ብኹሉ ዓቕምታትና ክንደጋገፎ ይህልወና ። ቀንዲ ጸላኢና ብንጹር ምልላይን ፡ ቀንዲ ቱኽረት ቃልስና ምንጻርን ፡ ካልእ ኣማራጺ ዘይብሉ መንገዲ ዓወትና እዩ ።

# ናይ ጽንዓትን ሕራነን መልእኽቲ

ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ፡ ሎሚ ዕለት 03 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም.ኢ. ብደረጃ ጊዜያዊ ምምሕዳርካ፡ ናይ'ቶም ም እንቲ ህላውነትካ፣ ቀጻልነትካ፣ መንነትካን ክብረትካን ክብሉ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውዲ ግንባራትን፡ ኣብ ክርሲ ጸላ እን፡ ብጅግንነትን ብተወፋይነትን እናተጋደሉ ክብርቲ ሂወቶም በጃ ዝኸፈሉ ደቅኻ፡ ዕላዊ መርድእ ትንገር ኣሎ ኻ።
ስዉኣት ደቅኻ፡ ምእንቲ ሃለዋትካን ክብረትካን ዝሓለፉ ጀጋኑ ብምዃኖም፡ ወትሩ ብኽብሪ ክትዝክሮምን ክትሕ በነሎምን ይግባእ ። ከም ሰብኣዊ ፍጡር፡ ኣብ ዘይገመትካዮ እዋን፡ ብሕራነ ዝወፈሩ ደቅኻ ከይተመለሱ ፡ ኣብ በረኻታት ወዲቖም ስለዝተረፉ ፡ ክትንብዕን ክትሓዝንን ንቡር እዩ ።
እዞም ጀጋኑ ስዉኣት ደቅኻ፡ ንሶም ሓሊፎም፡ እዚ ተዛምዳዊ ሰላም'ዚ ክትረክብ፣ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ተንቀሳቒስ ካ ሃለዋትካ ክትፋለጥ ፡ ዝዓነዉ ትካላትካ፡ ኑብሲ ዝዘርኡሉ ኩነታት ክትፈጥር፡ ዝሓሸ ዕድል ክትረክብ ዘብቅዑኻ እዮም።
በጃ መስዋእቶም፡ ናብ ሙሉእ ሰላም ክትሰጋገር፣ ካብ ዓድታቶም ተፈናቒሎም ከርፋሕ ሂወት ዘሕልፉ ዘለዉ ወ ገናትካ ፡ ናብ መንበሪም ክምለሱ፣ ዝዓነወት ዓድኻ ዳግም ክትሃንጽን መጻኢ ዕድልካ ባዕልኻ ክትውሰንን ፡ ዝሓ ሸ ዕድል ዝሃቡካ ፡ ናይ ሰላም ስምምዕ ክፍረም፡ ታሪኽ ሰሪሖም ብጅግንነት ዝሓለፉ እዮም ።
ብመስዋእቲ ጀጋኑ ደቅኻ፡ ምሒር ክትሓዝንን ክትንብዐን ኣይግበኣን። መስዋእቶም ዝፈጠረልካ ጥጡሕ ባይታ ተጠቒምካ ፡ ዝተረፉኻ ረብሓታት መሊእካ ክተረጋግጽ፡ ከም እትቃለስ ቃል ክትኣትወሎም ይግባእ።
ደበስ ጀጋኑ ስዉኣትካ ፡ ሙሉእ ሰላም፣ ሰናይ ምምሕዳር፣ ቅኑዕ ስርዓተ ፍትሒ፣ ዲሞክራስን ዘየቋርጽ ቁጠባዊ ምዕባለን ምርግጋጽ እዩ ። ምእንቲ'ዚ ከም'ቲ ልሙድ ሓድነትካ ብምስጣም ክትቃለስ ነዘኻኽር።
በዚ ኣጋጣሚ ንሕና ተጋደልቲ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ) ናይ ሓዘንካ ተኻፈልቲ ምዃና ነረጋ ግጽ ።
ንጀጋኑ ስዉኣት መንግስተ ሰማያት ከዋርሶም፡ ንመላእ ህዝቢ ትግራይ ደማ፡ ጽንዓትን ኣኻእሎን ንትምነ።

ዝኸርን ክብርን ንኹሎም ምእንቲ ወጹዕ ህዝቦም ዝሓለፉ ጀጋኑ ስዉኣት!!
ውድቀት ንወረርቲ!
ተጋደልቲ ኤርተራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ).
03 ጥቅምቲ 2016 ዓ.ም.ግእዝ።

ድሕነትና ብስሙር ቃልስና!
ዜናን ባህልን ቤት-ጽሕፈት ኤስሃግ